ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الاريترية

# ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT

## መግለጺ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)
## ብምኽንያት ዓለምለኻዊ መዓልቲ ደቂ-ኣንስትዮ፡ 08 መጋቢት።

መጋቢት 08፡ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ብዓለምደረጃ ንማብል 108 ጊዜ ትኽበር ኣላ። ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ድማ ከምኣካል ኣምሳል ደቂ ኣንስትዮ ዓለምማጠን፡ ነዛ ክብርቲ ዕለት'ዚኣ፡ ገና ካብ እዋን ብረታዊ ቃልስና ጀሚርን፡ ብድምቀት እናኽበራኣ ሚጺአን እየን። ምኽንያቱ መጋቢት 08 ንኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ'ውን ፍሉይ ትርጉምዘሎዋ ረዛን ታሪኻዊት ዕለት ስለዝኾነት።

ኣብ'ዛ ዕለት'ዚኣ ወትሩ በብዓመቱ ዝዝከራ ጀጋኑ ተቓለስትን ስዉኣትን ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ'ተን ብኢንዱስትሪ ዝማዕበላ ሃገራት፡ ሸቂለን ዝወሃበን ክፍሊት ይኹን ክብሪ፡ ካብ ሜሓዙተን ደቂ ተባዕትዮ ኣዝዩ ዝተሓተ ብምንባሩ፡ ነዚ ብትሪ ተቓዊመን፡ ማዕርነተን ክኽበር ኣብ ኣደባባይ ወጺአን ድምጸን ከስምዓ ምስ ጀመራ፡ ዘጋጠመን ግብረ-መልሲ ዘስካሕክሕ ጨፍጨፋ ምንባሩ፡ መዛግብቲ ታሪኽን ይምስክር። እንተኾነ ግን፡ እቲ ንማሳልን ማዕርነትን ደቂ ኣንስትዮ ዝጀመረኦ ተጋድሎ፡ በብእዋኑ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት እናተባርዐ ክቕጽል'ምበር በርዒኑ ኣይተረፈን። እምበኣርከስ፡ ነተን ምእንቲ ማዕርነተን ናብ ኣደባባይ ወጺአን ድምጸን ዘስምዓ፣ ተቢዐን ዘትባዓ፣ ብማስዋእተን ባብ ማዕርነታዊ ቃልሲ ደቂ ኣንስትዮ ዘርሓዋ ጀጋኑ፡ ወትሩ ዝዝከራላ ዕለት፡ ብዓለምለኸ ደረጃ ምስያማግቡእ እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ድማ ኣብ ልዕሊኤን ዝዓርፍ ጾታዊ ኣድልዎ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብተበራረይቲ ባዕዳውያን ገዛእቲ፡ ከቢድ ሕሰመመከራ እናወረደን ከርፋሕ ናብራ እናሕለፋ ዝሞጻ ብምዃነን፡ ካብ'ዚ ኣደራዕ ጭቆና'ዚ ክናገፋ፡ ኣብ 1950ታት ኣንጻር ዘይሕጋዊ ምፍራስ ዉዑል ፌደረሽን ብሰላማዊ ኣገባብ ተቓሊሰን እየን። ካብኡ ዝሚረ ድማ ኣብ'ቲ ን30 ዓመታት፡ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያን ናይ ግዳም ኢድ ምትእትታውን ዝተኻየደ ነዊሕን መሪርን ብረታዊ ተጋድሎና፡ ኣብ ኩሉ ሜዳያቱ፡ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ኣሕዋተን ተሰሊፈን፡ ኣብ ታሪኽ ደቂ ኣንስትዮ ዓለምወትሩ እናተዘከረ ዝነብር፡ ጅግንነታዊ ቃልሲ ኣካይደን ከቢድ ማስዋእቲ ዝኸፈላን ዝቖሰላን እየን።

ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ፡ ኣብ'ቲ ኣዝዩ ነዊሕን መሪርን ብረታዊ ተጋድሎና፡ ዝገበረኦ ተሳትፎን ዘርኣዮኦ ጅግንነትን፡ ኤርትራ ሃገርና ንሓንሳብን ንሓዋሩን፡ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ሓራ ክትከውን በቒዓ እያ። እንተኾነ ግን፡ ብሰንኪቲ ጸማቃልሲ ህዝብታትና ጠሊሙ ጉጅላዊ ስልጣኑ ኣብ ምጥንኻር ጥራሕ ዘትኮረ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ብርኡይ ናብ ዝኸፍአ ፖሎቲካዊ ዓፈና፡ ከቢድ ማሕበረ ቁጠባዊ ዓዘቕትን ርኡይ ጾታዊ ኣድልዎን ወዲቓን ኣሎዋ።

ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ፡ ኣብ ሰውራና ኣባላት ሰራዊት ኮይነን ዝተጋደላ፡ ኣብ ከተማታት ብውሽጣዊ ስርዒት ተወዲበን፡ ምስጢራት ጸላኢ እናጓሕጓሓ ንሰውረአን ዘቐበላ፡ ኣብ ገጠራትን ወጻኢ ሃገራትን ድማ ለይትን ቀትርን እናሸቀላ፡ ተጋዳላይ ከይጠሚ ዝዓንገላ፣ ከይጸምኡ ጎረሮኡ ዘተርከሳ፣ ከይዓርቕ ዝኸደና፡ ኣብ ማስርሕነጻነታዊ ተጋድሎና፡ ብወርቂ ቀለምዝተጸሓፈ፡ ብማንምከሓዲ ጉጅለ ዘይራኸስ ክቡር ታሪኽ ዝሰርሓ እየን። ኤርትራውያ ደቂ ኣንስትዮ፡ ካብ ጽባሕ ሓርነት ጀሚረን'ውን፡ ኣብ ሃገረን ካብ ዘለወን ዓሚቕ ፍቕሪ ዝነቅል፡ ንምህናጽ ዓደን ዘርኣየኦ ድልውነትን ዘወፈየኦ ኣበርክቶን ኣዝዩ ገዚፍ እዩ። ኣብ ጉዕዞአን ብርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ዝወረደን ብደዐን በደልን ሻላ ብምባል፡ ሃገረይ ሽልማተይ ኢለን፡ ዝገበረኦ ኩሉ ሜዳይ ተሳትፎ ዝድነቕ እዩ። ናይ'ቲ ርኹስ

ኢሳይያስ ውሽጣዊ ባህርያትን ተግባራትን ቀልጢፈን ስለዘይነቕሓሉ፡ ንኢሳይያስ ምኽባርን ምሕር ምፍታውን ማለት፡ ከምዓሚቑ ፍቕርን ተሓላቕነትን ሃገር ገይረን ብምእማን፡ ክሳብ'ዚ ቀረባ እዋናት ዘበርከታሉ ደገፍ ዓብይ እዩ። ይኹን'ምበር፡ መድረኻት ቃልሲ፡ ዝተሓብኡ ሓቅታት እናፈንቀለ ከውጽእ ግድን ስለዝኾነ፡ እነሆ ሎሚ ሓቀኛ መንነት ኢሳይያስን ጉጅልኡን ተቐላሊዑ ክረኣየን ኣብ ዝኽኣለሉ እዋን በጺሕና።

ናይ ሎሚ ማጋቢት 08 ዓለምለኻዊ መዓልቲ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኣብ ፍሉይ ታሪኻዊ ኩነታት ኮይና ነብዕላ ምህላውና ዘይሕባእ ሓቂ እዩ። ዓመተ 2018. ሓቀኛ መንነት ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ጉጅልኡን፡ ንህዝብታትና ብሓፈሻ፡ ንደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ድማ ብፍላይ፡ ኮለል ኢሉ ዝተራእየላ ዓመት እያ። በብዓመቱ ዝኣትዎም መብጸዓታት፡ ኣብ ባይታ ጥብ ዝብል ፍረ ከይተረኽቦም ምሕላፎም ከይኣክል፡ እቲ ን16 ዓመታት ተሓቢኡሉ ዝጸንሐ፡ ጉዳይ ትግባረ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ፡ ዝተቐልዓሉ ዓመት እዩ። ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ነጻነትን ልኣላውነትን ሃገረን ዘይዋገያ ብምኳነን፡ በዚ ፋሽስታዊ ስርዓት'ዚ ዝወርደን ግፍዕታትን በደላትን ተጻዊረን፡ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ኣብ ባይታ ክሜልከት ዓውኢለን ክሓታን፡ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ደጋጊሙ ዝልፍልፎ መደረ ኣሚነን፡ ኣብ ጎድኑ ተሰሊፈን ጸኒሐን እየን። እንተኾነ ግን፡ ስዉር ሕልሚ ኢሳይያስን ሃንቀውታን ድልየትን ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ድማ ብፍላይ፡ ፈጺሙ ዘይራኸብ፡ ሕቖን ከብድን ምኳኑ፡ ካብ መፋርቕ 2018 ዓ.ም. ጀሚሩ ተጋሂዱ እዩ።

መንግስቲ ኢህወደግ፡ ኣብ ጉዳይ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ፡ ን16 ዓመታት ሒዙዎ ዝጸንሐ ፖሊሲ ብኣዋጅ ቀይሩ፡ ብዘይ-ቅድመ ኩነት ክትግብሮ ድሉው ምህላዉ ካብ ዘረጋገጸላ ዕለት፡ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ኣብ'ቲ ደሪቑ ሒዙዎ ዝጸንሐ ሞገጺ ኣይጸንዐን፡፡ ንትግባረ ምሜልካት ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ዓቲቡ ክንቀሳቐስ ኣይተራእየን። እኳ ደኣስ፡ ግልብጥ ኢሉ፡ ጉዳይ **ዶብ ካልኣዊ እዩ፤ ውሽጣዊ ምርግጋእ ኢትዮጵያ ብቐዳምነት እንርእዮ እዩ** ብምባል፡ ልዕሊ ዋናታቱ ሸቐልቀል በሃሊ ኣብ ዝኾነሉ ጽባሕ እያ ማጋቢት 08 ትኽበር ዘላ። ሕሉፍ ሓሊፉ፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ሃገር፡ ብሕታዊ ጥሪቱ ኮይኑስ ያኢ፡ ኣብ ከተማ ሃዋሳ፡ ንዶ/ር ኣብይ፡ "**ኣነ ቃል ዓለም ኣይፎቱን እየ፤ ንስኻ ክትሞርሓና ሓላፍነት ሂበካ ኣሎኹ**" ዝብል፡ ንልኣላዊ ክብርን ነጻነትን ህዝብታትና ዝዳፋእ መደረ ኣብ ዝሰምዐናሉ ጽባሕ ትበዓል ምህላዋ ፍልይቲ ይገብራ።

ጉዳይ ዶብ፡ ዓሰርተታት ኣሽሓት መንእሰያትና ዝረገፉሉ፣ ልዕሊኡ ድማ ኣካሎም ዝሰንከሉሉ፣ ብኣማኢት ኣሽሓት ወገናትና ካብ መዉቕዒ ባብሮኦም ዘሕዘሕ ኢሎም ዝተማዘበሉሉ፡ ዓብይ ናይ ህዝብታትና ሕቶ እዩ፡፡ ይኹን'ምበር ኣብ'ቲ ብ03 ሕዳር 2018 ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ዘካየዶ ቃለ መሕትት፡ "**ኣብ ደቀቕቲ ጉዳያት ኣይነትኩር፤ ኣብ ዓበይቲ መዳያት ነድህብ**" ዝብል ናይ ብደዐ መልሲ **ሂቡ፤ ጉዳይ ዶብ፣ ሕቶ ትግባረ ቅዋም፣ ምፍታሕ ፖለቲካዊ እሱራትን፡ ዕድመ መንእሰያትና ንበለል ዘህልኽ ዘሎ ዘይተገደበ ሃገራዊ ኣገልግሎትን** ብዝምልከት፡ ከይተልዕሉ ዝብል፡ መጠንቀቕታ ሓዘል መልእኽቲ ኣብ ዘመሓላለፈሉ ጽባሕ ኢና ነኽብራ ዘሎና።

ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ካብ ወጋሕትኡ ጀሚሩ፡ ካብ ዉልቃዊ ክብሩን ስልጣኑን ንላዕሊ፡ ልኣላዊ ክብርን ነጻነትን ህዝብታትናን ሃገርናን ከምዘይዓጅቦ ዝፍለጥ እዩ። እንተኾነ ግን፡ መንደላይ ሜላ ሓሱ፡ ንህዝብታትና ብሓፈሻ፡ ንኣብዝሓ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ድማ ብፍላይ፡ የደናግር ብምንባሩ፡ ፈቲና ቆጽሊ ከየንበርናሉ፡ ን27 ዓመታት ኣብ እንግድዓና ተሰቒሉ፡ ናይ ዉርደትን መከራን እዋናት ክነሕልፍ እናተገደድና እንከሎና፡ ተሸኪምናዮ ጸኒሕና ኢና። እነሆ ሎሚ ግን፡ መንነት ኢሳይያስን ሓሻኽሩን ከም ጸሓይ ቀትሪ ተኾሊዑ ክፉእ ምክሉ ጎሊሁ ኣብ ዝረኣየሉ እዋን ንርከብ ኣሎና። ድሮ'ውን፡ ነዚ ሓቂ'ዚ ዝተገንዘባ ዋዕሮታት ደቂ ኣንስትዮና፡ ንርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ብቕሉዕ ብምኹናን፡ ኣብ

ሃገርና ዲሞክራስያዊ ለውጢን ምርግጋጽ፡ ፊት ንፊት፡ ብነድሪ ክገጥሙ ኣብ ዝጀመሩሉ እዋን፡ መጋቢት 08ን ኽብር ኣሎና።

ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ከም ፍርቂ ኣካል ሕብረተ-ሰብና ማጠን፡ ኣብ ጎድኒ ደቂ ተባዕትዮ ኣሕዋተን ተሰሊፈን፡ ነጻነታዊ ተጋድሎና ብዓወት ማስ ክብል ዘካየደኦ ጅግንነታዊ ቃልሲ፡ ልኣላዊትን ናጻን ሃገር ክንጓናጸፍ ዝበቓዕና'ኳ እንተኾና፡ ብርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ዝዝወር ስርዓተ ምሕደራ፡ ብኸሉ መዐቀኒታት፡ ካብ'ቶም ሕሉፋት ዝሰዓርናዮም ባዕዳውያን ገዛእትና ዝኸፍአ ምኳኑ፡ ካብ ተሞኩሮና ሕርሕራይ ጌርና ዘረጋገጽናሉ እዋን እዩ። ሕሉፍ ሓሊፉ፡ እዚ ስርዓት'ዚ ምስ ሓይልታት ትምክሕቲ ኢትዮጵያ እናተማሳጠረ፡ ኣብ ልዕሊ ነጻነትን ልኣላውነትን ሃገርና፡ ከቢድ ሓደጋ ከንጸላሉ ዝገብር፡ ሕቡእ ሸርሒ ይኣልም ምህላዉ፣ ንኹሉ ፈታዊ ሃገሩ ዝኾነ ኤርትራዊ ዘይክወል ምስጢር ኮይኑ ኣሎ። ስለዝኾነ ድማ ንምዕቃብ ነጻነትናን ልኣላውነትናን ከም'ውን ንቀጻልነትናን ሞጻኢ ብሩህ ተስፋናን ክንብል፡ ልዕሊ ዝኾነ ካልእ እዋን፡ ዓቕምታትና ኣወሃሂድና ብትብዓትን ብተወፋይነትን ክንቃለስ ኣብ ንጥለበሉ ተኣፋፊ እዋን ንርከብ። ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ፡ ኣብ'ዛ ክብርቲ ዕለት፡ መጋቢት 08 ዓለምለኻዊት በዓልክን፡ ንሕሉፍ ናይ ጅግንነት ቅያኽን ዳግም ብምሕዳስ፡ ነጻነትን ልኣላውነትን ሃገርና ኣብ ምዕቃብ ይኹን ዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ምርግጋጽ፡ ኩሉ ዓቕምታትክን ኣብ ጎድኒ ጭቁን ህዝብታትክንን ዲሞክራስያዊ ሓይልታት ኤርትራን ኣዋዲድክን ክትቃለሳ፡ ቃለ-መሓላ ትኣትዋላ ዕለት ክትከውን ይግባእ። ውድብና ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) ኣብ ክሊ ሰፊሕ ግንባርና፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር ተጠርኒፉ፡ ኣብ ልዕሊ ነጻነትናን ልኣላውነትናን ኣንጸላልዩ ዘሎ ሓደጋ ኣብ ምዕጻፍ ይኹን፡ ንኹሎም ህዝብታት ኤርትራ ብማዕረ ዝሓቁፍ ዲሞክራስያዊ ለውጢን ምርግጋጽ ኣብ ዝካየድ ቃልሲ፡ ካብኡ ዝጥለብ ግቡኡ ክፍጽም ድሉው ምህላዉ፣ ብምኽንያት ዓለምለኻዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ መጋቢት 08 የረጋግጽ።

ድምቀትን ክብረትን ንመጋቢት 08፡ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ!!
ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና!!
ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ሰደግኤ።
08 መጋቢት 2019 ዓ.ም.